
# ትኽክለኛ ቅደም ሰዓብ
## ኣተሓፃፅባ ኣእዳው




# ሕማም ቫይረስ ኮረና እንታይ እዩ?

ሕማም ቫይረስ ኮረና (ኮቪድ-19) ኣካላት መተንፈሲ ዘጥቅዕን ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዝመሓላለፍን ክድሕን ዝኽእል ሕማምን እዩ። እዚ ሕማም ኣብ ብርክት ዝበላ ሃገራት እናተስፋሕፈሐ፤ ኣብ ብዙሓት ሰባት ጉዳኣት እናስዐበ ይርከብ። ነዚ ሕማም ዝተሳጥሑ ሰባት ኣብ ሃገርና ምህላዮም ስዒቡ  ኲላትና ነዚ ሕማም ተቓላዕቲ ኢና።

ኣብ ገለገለ ሃገራት ዜጋታት ብዝገብርዎ ልዑል ርብርብ ዝርገሐን ዘሰዕቦ ጉድኣትን እዚ ሕማም ቀኒሱ እዩ። ኲላትና ኣድላዪ ዘበለ ጥንቃቐ ገይርና ሜላ መከላኸሊ መንገድታት ቫይረስ ኮረና ኣብ ተግባር ብምውዓል ዓርስናን ስድራናን ካብ ሕማም ቫይረስ ኮረና ምክልኻል ንኽእል ኢና።

ንዝበለፀ ሓበሬታ
ብነፃ መስመር ስልኪ
6244 ወይ 8335 ንደውል

# ምልክታት ሕማም ቫይረስ ኮረና



ረስኒ



ሰዓል



ፀገም ምትንፋስ

# ምልክታት ሕማም ቫይረስ ኮረና

ረስኒ፤ ሰዓልን ፀገም ምትንፋስን ኣብ ዓርስና ይኹን ስድራናን እንተስተውዒልና፥ ፈለማ እቶም ምልክታት ዝተራአይዎ ውልቀ ሰብ ተፈልዩ ክፀንሕ ንግበር።

ብምቅፃል ብህፁፅ ናብ ናፃ መስመር ቁፅሪ ስልኪ 6244 ወይ 8335 ብምድዋል ምክርን ሓገዝን ሰብ ሞያ ንሕተት። እዚ ገይርና ጥዕናናን ጥዕና ስድራናን ንሓሉ።

# ሕማም ቫይረስ ኮረና ንምክልኻል

- ኣእዳውና ኲልሻዕ ብማይን ሳሙናን ቶሎቶሎ ንተሓፀብ ወይ ድማ ኣልኮል ብዘለዎ መፅረዪ ነፍሳት/ሳኒታይዘር ኣእዳውና ብዝግባእ ነፅሪ




- ኣእዳውና ከይተሓፀብና ዓይንና፣ ኣፍናን ኣፍንጫናን ኣይንተንክፍ



- ምስ ሰባት ዝህልወና ዝኾነ ዓይነት ምንኽኻእ ጠጠው ነበል፤ ሰላምታ'ዉን ተኾነ በኣእዳውናካብ ምጭብባጥ፣ ምስዕዓምን ምትሕቑቛፍን ንቆጠብ



- ሰብ ኣብ ዝበዝሐሉ ቦታታት ኣይንረኸብ። ካብ ዝስዕሉን ዘህንጥሱን ሰባት እንተነኣሰ 1 ሜትሮ ንርሓቕ




- ክነህንጥስን ክነስዕልን ከለና ኣፍናን ኣፍንጫናን ብሶፍት/ ኲርናዕ ኢድና ዕፅፍ ኣቢልና ንሸፍን፤ ዝተጠቐምናሉ ሶፍት ወይ ድማ ተመሳሳሊ ነገር ብኣግባቡ ነወግድ

